# ክፉትን ሓቛፍን

## ኩሎም እቶም ኣብ ወለንታውነት ንኽጽንበሩ ባህጊ ዘለዎም፡ ጾታ፣ ዕድመ፣ ድሕረባይታን ባህልን ብዘየገድስ ዕድል ኣለዎም።

ኣብ ዉድባት መካፍልቲ ዝንባሌኻ ዝኾኑ ካልኦት ሰባት ትራኽብ ኢኻ። ኣብዚ ኸኣ ንሓድሕድና ብሓድሽ መነጸር ኢና ንርእኤ። ተማሃራይ፡ መራሕ ኣዉቶቡስን መማህራንን ጥራሕ ዘይኮኑ, ግን ከኣ ኣስሳድ፡ ፔተርን ፍጥማን። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ንሓድሕድና ብዝሓሸ ክንላለን ንክንረዳዳእን ንምሃር። ኣብ ሓንቲ ክፍትቲን ሓቛፊትን ዝኾነት ሕብረተሰብ ሓደ ክፉቱን ሓቛፍን ዝኾነ ወለንታውነት ኣገዳሲ ክፉል ኢዩ።
ኣብ`ቲ እትቕመጦ ቦታ ብዛዕባ ወለንታውነት ተወሳኺ ክትፈልጥ ትደሊ ዶ? ምናልባሽ እቲ ምምሕዳር ወይ ገዛውትኻ / ሰፈርካ መዝገብ ናይ እተን ጋንታታትን ማሕበራትን ኣብ መርበብ ገጽቤቶም ይህልዎም ኢዩ። ብዙሓት ዉድባት ኣብ ከባቢኻ እንታይ ከም ዝካየድ ሓበሬታ ክህባሉ ዘኽእለን ሃገራዊ ቤትጽሕፈታት ኣለወን። መዝገብ እተን ኣለዋ ዝብሃላ ዉድባት ኣብ ገጽ መርበብ ወለንታውነት ኖርወይ
www.frivillighetnorge.no
ትረኽቦ ኢኻ።

ኣብ ናይ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ወለንታውነት ተወኪስካ እዉን፡ ኣየኖት ዉድባት ከም ዝርከባ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ!

**ትፈልጥ ዶ ኔርካ?**

- ኣብ ነፍሰ ወከፍ ዓመት 48 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኖርወይ ኣብ ወለንታዊ ስራሓት ከም ዝካፈል?
- እዚ ወለንታዊ ስራሕ ብዉጽኢት ብዓመታዊ ዓቕሚ ስራሕ ሰብ ክግመት እንከሎ፡ ዉጸኢት 115 000 ዓመታዊ ወፋሮ ሰባት ኣቢሉ ከምዝትመን?

እዚ ኸኣ ሰልስተ ዕጽፊ ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ዕደና ምጽራይ ነዳዲ ኖርወይ እዩ!

- 84 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኖርወይ ኣባል ሓደ ወይ ከኣ ኣባል ብዙሓት ዉድባት ከም ም኿ኖም?

FRIVILLIGHET NORGE, St. Olavsgate 25, 0166 Oslo.
www.frivillighetnorge.no, post@frivillighetnorge.no,
tlf: 21 56 76 50

Denne brosjyren er del av et inkluderingsprosjekt som gjennomføres av Frivillighet Norge med støtte fra Kulturdepartementet og IMDi.

TIGRINJA

Design og produksjon:
Itera Gazette




ወለንታውነት ናብ ጋንቱኡ
መርሓባ ይብለካ!

FRIVILLIGHETNORGE

# ወለንታውነት ይደልየካ እዩ!

**ኣብ ኖርወይ 100 000 ወለንታውያን ውድባት ኣለዋ። ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ምንቅስቓሳት ከኣ ይነጥፉ፡ ንኣብነት ከም ሃይማኖት፣ ስፖርት፣ ሙዚቃ፣ ጸወታ ኮምፒዩተር መሳሊ፡ብርግጽ ሓንቲ ምሳኻ ትሰማማዕ ውድብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።**

ወለንታውያን ውድባት ንሓደ ሕብረተሰብ የህብትምኦ ኢየን። ውድባት ንደቂ ሰባት የቀራርብኦ እየን፡ ህይወት ዘለዎ ምንቅስቓሳት ይፈጥራ፡ ከምኡ እውን ህዝቢ የፋልጣን ባህ ከምዝብሎን ኣብ ነንሕድሕዱ ከምዝተኣማመንን ከኣ ይገብራ።
ወለንታውነት ብዛዕባ ንኻልኦት ምሕጋዝ ጥራይ ማለት ኣይኮነን፡ ኣብ እትኣምነሉ ምንቅስቓስ ከም ኣብ መስጊድ ኮነ፣ ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪን ፖለቲካን ምስታፍ እዉን ማዕረ ማዕሪኡ ኢዩ።
ኣቲ ኣገዳሲ መሳርሒ ወለንታውያን ማሕበራት ዝኾነ ወለንታዊ ስራሕ፣ ህያብ ገንዘብ ካብ ኣባላት ምርካብን፡ ተዋሳእነትን ወለድን ካልኦት ዉፍያትን ኢዩ።
ወለንታዊ ጻዕሪ ኣብ ኖርወይ ብዓመታዊ ዓቕሚ ጉልበት ስራሕ ሰብ ክትመን እንከሎ ዉጽኢት115 000 ዝኣኽሉ ቁጹራት ሰራሕተኛታት ኣቢሉ ይኸውን።
ገና እዉን እዘን ውድባት ኣብ ጉጅለታተን ብዙሓት ክጽንበሩ እየን ዝደልያ።
ወለንታውነት ንሕብረተሰብና ካብ ነዳዲ ንላዕሊ ብዝያዳ የገድሶ ኢዩ ብሃልቲ ኢና። ብዘይ ወለንታዊ ጻዕሪስ ኖርወይ ምለመሰት ኔራ! ስለዚ ድማ ንዝመጽእ ግዜ ኣብ ዝኾነ እዋን ንስራሕ ንጋንታ ስፖርት፡ ሙዚቃዊ ጉጅለ ወይ ከኣ ንቀይሕ መስቀል ዝዓለመ ዘበለ ንኽትሰርሕ ምስ እትሕተት ’’እወ’’ በል ኢኻ። እዚ ኸምዚ ከኣ ንዓኻን ንሕብረተሰብናን ቁሩብ ዘህብትም ኢዩ።



**BIRGITTE BREKKE,**
daglig leder Frivillighet Norge
**ቢርጊትተ ብሬክኬ፡**
**ኣካያዲት ስራሕ ወለንታውነት ኖርወይ።**



ብዛዕባ’ቲ ቀዳማይ ገጽ: ቅርጺ ልቢ ዋፍፊል ንነዊሕ እዋን ከም ምልክት መንፈስ ወፈራን ወላንታውነትን ኮይኑ ጸኒሑ ኢዩ። ሎሚ ኸኣ ቮርሩል፣ ሳምቡሳ ወይ ከኣ ቡሪቶ ከም ምልክት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።



”ወለንታዊ ምኽን ማለት፡ ሓላፍነት ናይቲ እንነብረሉ ሕብረተሰብ ምስካምን ጽልዋ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮና ምሕዳርን ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብዘረባ ጥራይ ዘይኮነስ ብግብሪ ምርኣይ ማለት እውን ኢዩ።

ኣረዞ ባናፍሸህ
ሽማግለ ርክብ ኣብ መንጎ ወጻእተኛታትን በዓል መዚን።
(KIM)






## ወለንታዊ
## ውድብ እንታይ እዩ?

ሓደ ወለንታዊ ውድብ ማለት ሰባት ብሓባር ኮይኖም ብዛዕባ ሓደ ጉዳይ ይኹን ንጥፈታት ብዘይ ክፍሊት ገንዘብ ዝሰርሑ ማለት እዩ። ወለንታዊ ውድብ ወናኒ ናይ ባዕሉን ካብ መንግስትን ምምሕድዳርን ነጻ ኮይኑ ኣብ ገዛእ ርእሱ ክውስን ዝኽእል እዩ።

ውድባት፡ ከም ሉሙድ ኣባላትን ኣኼባታትን ኣለወን፡ ከምኡ እውን ብዛዕባ ዉሳኔታት ብኸመይ ከም ዝዉሰን ዝምልከት ሕግታት ኣለወን።





## እቶም ወለንተኛታት እንታይ ኢዮም ዝገብሩ?




- ባህሊ፣ ምዝንጋዕ፣ ስፖርት፣
- ኣባይትን ቁጠባን
- ድሕነት
- ፖለቲክ፣ ሰብኣዊን፣ ኣከባቢ፣
- ሃይማኖትን ፍልስፍና ህይወትን

# ሓደ ኣካል ናይዚ ዲኻ?

ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት 48% ካብ ህዝቢ ኖርወይ ኣብ ወለንታውያን ውድባት ይካፈሉ፡ ግን ኣየናይ ደኣ'ዩ ከም " ወለንታዊ ስራሕ" ዝቑጸር።

ወለንታዊ ስራሕ ነጻ ኮይኑ ንሓደ ወለንታዊ ውድብ ዝትግበር ስራሕ ኢዩ። ኣብ ናይ ሙዚቃ ጉጅለ ምጽዋት ከም ወለንታዊ ስራሕ ኣይቁጸርን ኢዩ። ግን እንተደኣ ብነጻ ክትሰርሕ ደሊኻ ንምሳለ ከም ኣባል ኣካየድቲ ኣካል፣ ምድላው ሙዚቃዊ ምርኢት ወይ ከኣ መገሻ፣ ወይ ከኣ እትዋት ንምርካብ ዝተፈላለየ ኣቑሑ ሓራጅ ብምሻጥ ብወለንታ ትሰርሕ። ነቲ መንኮርኮር ዘንቀሳቕሶ ኸኣ እቲ ወለንታዊ ስራሕ እዩ። ብዘይ ወለንታውያን ወለዲ ኸኣ ጉጅለ መዚቀኛታት ምለመሰ ኔሩ። ስራሓ ወለንታ ኣብ ግሉጽነት ዝተመርኮሰ እዩ። ኩሎም ከኣ ነቲ ናይ "ምውሳእ ሕግታት" ይፈልጥዎ እዮም፡ ንምሳሌ ገንዘብ ውድብ ኣብ ምንታይ ከምዝውዕል። መብዛሕትኡ ህዝብን ሰበ-ስልጣንን ኣብ ውድባት እምነት ኣለዎ፡ እዚ ኸኣ ንንጥፈታት ዝኸውን ገንዘብ ንምኽዕባት የቃልለሎም። እቲ ብልጫ ናይ ውድብ ምቛም ከኣ ብዙሓት ሰባት ስለ ዝዋስእሉ እዩ፡ እቲ ምንቅስቓሳት ከኣ ጽግዕተኛ ውልቀሰባት ካብ ሙኺን ይቑጠብ። እዚ ዝተወደበ ወለንታውነት እዚ ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ እዩ፡ እንተኾነ ግን ዛዕባታትን ንጥፈታትን ናይ'ዘን ውድባት ተቐይሩ እዩ። እብዚ እዋን'ዚ መብዛሕትኦን ውድባት ኣብ ኖርወይ ምንቅስቓሳተን ኣብ ባህሊ፣ ስፖርት ከምኡ'ውን ካልእ ምንቕስቓሳት ትርፊ ግዜ ኢዩ።

**ብዙሕ ተኽእሎታት**

ኣብ ኖርወይ 100 000 ወላንታውያን ውድባት እለዋ። ገለ ካብኣተን ዓበይቲ ኮይነን ንምሉእ ሃገር ይሸፍና፣ ኣተን መብዛሕትኤን ከኣ ንኣሽቱ ኢየን። ሙዚቃ፣ ሳዕሲዒት፣ ጸወታ ኮምፕዩተር፣ ስፖርት፣ ሃይማኖት፣ ዕቃበ ኣከባቢ፣ ሓገዝ ዕዮ ገዛ፣ ረድኤት፣ ፖለቲካ፣ ታዕሊም ከምኡ'ውን ምንፋስ፡ እዘን ዝተጠቕሳ ኸኣ ገለ ካብተን ናይ`ተን ዉድባት ኣብነታት ንጥፈታት ኢየን። ኣብ ኦስሎ ጥራይ ልዕሊ 300 ዝተፈላለዩ ውድባት ንኡሳን ጉጅለታት ናብኣን ዝዓለመን ብእኣን ዝቖማን ኣለዋ።

ኣነ ኣብ KRIKን KrFUን ይነጥፍ ነይረ`የ፡ ቅድም ቀዳድም ብዙሓት ኣዕሩኽ/መሓዙት ኣብኡ ዝነጥፉ ስለ ዝነበሩኒ ኢዩ፡፡ ብድሕሪኡ ግን ተገዳስነተይ ኣብ`ቲ ዕላማን ንጥፈታትን`ቲ ዉድብን ጥራሕ ኮይኑ።

ባጡማ ቡራንጋ
ቤት ምኽሪ ቆልዑትን መንእሰያትን ኦስሎ
(BURO)







## ጸጋታት ዉድብ ወለንታዉያን






ህያባት + ወለንታዊ ስራሕ
መሸጣ /ግብሪ/ ክፍሊት ኣባልነት
መንግስታዊ ሓገዝ

## ጸጋታት ወለንታዉያን

እተን ዝበዝሓ ወለንታዉያን ዉድባት ቁጹራት ሰራሕተኛታት የብለንን፡ ዉሑድ እቶትን ኣብ ወለንታዊ ጻዕሪ ዝተሞርኮሳን ድማ ኢየን፡ ፡ ብዘይ ኣባላት- ህላዌ እተን ዉድባትን ንጥፈታተንን ኣይክህሉን ኢዩ፡ ፡ ንእብነት፡ እንተድኣ ወለዲ ማልያታት ንኽሓጽቡ፡ ነቶም ቆልዑ ብመኪና ንዝጻወትሉ ቦታታት ንኸብጽሑ፡ ኣሰልጠንቲ ንክኾኑ፡ ሕብስቲ ንክሸጡ ወይ ከኣ ንክምድቡ ተሓታትነት እንተዘይ ተስኪሞም ሓንቲ ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን ኢያ። ንኪኢላታት ኣሰልጠንቲን መራሕትን ከፊልካ ከይተቖጽር ኣታዊ ክፍሊት ኣባልነት ኣኻሊ ኣይኮነን።

# ናተይ ረብሓ’ኸ እንታይ እዩ?

ወለንታዊ ስራሕ ብዙሕ ኢዩ ዝህበካ፡ ግን ገንዘብ ኣይህበካን ኢዩ። ገለ ካብቲ ዘዋስኣካ ምኽንያታት ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፡

... ምስ ካልኦት ሰባት ትራኸብ

... ሓድሽ ነገር ትምሃር

... እቲ እትፈትዎ ነገር ተዘዉትር

... ንቆልዑ ኣወንታዊ ቀረብ ትርፈ ግዜ ምሃብ

... ንሓደ እትኣምነሉ ጉዳይ ትቃለስ

... ተረኣን ክበርን

... ንስራሕ ምምልካት ግደ ዘለዎ ኩቡር ተመኩሮ ቐሰም

... ኣዛናዩ ኢዩ

... መሓዙትን ኣዕሩኽትን ዝሳተፍዎ ኢዩ

... ሓገዝ ንዘድልዮም ሓግዝ

... ትርፈ ግዜኻ ኣብ ቁምነገር ኣውዕሎ

ብሓባር ነተግብሮ!

ኣብ ማሕበራዊ ምድላዋት ናይ ሓንቲ ዉድብ ዝተዓደመ ቆልዓ ኣለካ’ዶ? እቲ ዕድመ ንዓኻ እዉን ከም ወላዲ ከም ዝምልከተካ ኣይትስሓት። ወለንታዉያን ዉድባት ሕዉሳት ወለዲ ንደቆም ዝከታተሉ ኢዮም ዝደልዩ።

ኣነ እንታይ ክገብር እኽእል ኢልካ ሕተት!



ብመንገዲ ወለንታዊ ተዋሳእነት ተማሃሮ ካብ ዝተፈላለዩ ባህልታት ተራኺቦም ሓሳባትን ሪእይቶታትን ክለዋወጡ ዝኽእሉሉ መድረኽ መስሪትና ኣለና።

ኣሚን ኣስካሊ
ማሕበር ተማሃሮ ዓረብ



